# መንዩ ንመስርሕ ዲሞክራሲ ዝዓንቀጾ?
# ህዝቢ ወይስ ስርዓት ኢሳያስ? ...ወይስ


**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**

**26.07.2005**

ጋንታ ንሓርነት ኮም፣ መሰረታዊ ጠንቂ ድርቅን ጥሜትን ኣብ ኤርትራ ባህርያዊ ወይ ሕጽረት ናይ ዝናም ዘይኮነስ፣ ፖሊሲታት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ምዃኑ ኣብ ዝገልጽ ቅድም ክትብል ዘቕረበቶ ሓተታኣ፣ ....ዋላ ዝናም እንተተረኽበ ውን፣ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ፣ ፍትሕን ሰላምን ርግኣትን ብልጽግናን ክሰፍን ከምዘይክእል... ኣሚታ ምንባራ ዝዝከር ኢዩ። ብርግጽ ከኣ፣ እዚ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ኣብዚ እዋንዚ ዘካይዶ ዘሎ መጠነ-ሰፊሕ ዝኾነ ግፋ፣ ሓቅነት ናይዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኣበሃህላ ኢዩ ዘረጋግጽ። ጽቡቕ ኣዝመራ ኣሎ ኣብ ዝብሃለሉ እዋን፣ ንሓረስቶት ካብ መሬቶምን ከባቢኦምን ምርሓቕን በስገዳድ ምዕስካርን፣ በቲ ተረኺቡ ዘሎ ዝናም ከይጥቀሙ፣ ከብዶም መሊኦ ብዛዕባ መሰላቶምን ብዛዕባ ዲሞክራሲን ከይሓስቡን ከይጠልቡን ንምዕጋት እንተዘይኮይኑ ካልእ ትርጉም የብሉን። እዚ፣ እቲ ስርዓት ኮነ ኢሉ ኣብ ህዝቢ ናይ ተስፋ ቍርጸትን ናይ ተጸባይነት ስምዒትን ብምስፋን ዕምሪ ናይ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝገብሮ ዘሎ እተጸንዐ ፖሊሲ ምዃኑ ክስሓት የብሉን።

ነዚ ዘረጋግጽ ከኣ፣ መብዛሕትኡ፣ ካብ ኤርትራ ሃዲሙ ዝመጽእ መንእሰይ፣ ብዛዕባ ቃልሲ ኩተዕልሎ ከሎኻ፣ "ክላእ፣ ዝተጋደሉ እንታይ ረኺቦም" ዝብል ናይ ተስፋ ምቝራጽ መልሲ ክህብ ምስማዕ ንገዛእ ርእሱ መቐጸልታ ወይ ውጽኢት ናይዚ ፖሊሲዚ ኢዩ። ብርግጽ ከኣ፣ ዝተጋደሉ ዝረኸብዎ ረብሓ የብሎምን። ዘይተጋደለ እንተልዩ ውን፣ ዝረኸቦ ረብሓ የብሉን። እቲ ረብሓ፣ ናይቶም ውሑዳት ኣብ ስልጣን ዝርከቡ ውልቀ-ሰባት ኢዩ ኮይኑ። እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጒጅለ ከኣ፣ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ንህላዌኡን ረብሓኡን ዝህድድ ተቓውሞ ኣብ ስልጣን መታን ክጸንሕ ብምሕሳብ ኢዩ ከምዚ ዝኣመሰለ ስምዒታት ክሰፍን ዝደሊ። ግን፣ እቲ ትማሊ ንሕና ብርሃን ክንርኢ ሂወቱ ዘሕለፈን ኣካሉ ዘጒደለን፤ እቶም፣ ህዝቢ ብሰላም ብፍትሕን ብማዕርነት ክነብር ኢሎም በጃ ህዝቦም ዝሓለፉ ሰማእታትከ፣ ከምቲ "መጐጎ ድኻ፣ ኣብ ምርሳኑ ይቕህም" ዝብል ምስላ፣ ኵሉ ድኻሞምን መስዋእቶምን ብኸንቱ ከም ትኪ በኒኑ ክጠፍእ፣ ስቕ ኢልና ዲና ክንርኢ? ድሕርዚ ኵሉ መስዋእቲ ንመሰልና ኣሕሊፍና ክንህብ ሕልናና ከመይ ገይሩ ክቕበሎ? ድቃስከ ከመይ ኣቢሉ ክወስደና? ፈጺሙ ዘይሕሰብ ኢዩ።

ብኻልእ መዳይ ውን፣ ተቓወምቲ ውድባት፣ ጐረባብቲ መንግስታት፣ ኣመሪካ፣ ሕቡራት ሃገራት ...ወዘተ ኵሎም ጽቡቕካ ኣይምነዩን ኢዮም፣ ክፉእካ ክርእዩ ዝደልዩ ጸላእትኻ ኢዮም ዝብል ናይ ሓሶት መናፍሕ ብምንዛሕ፣ ንህዝብና ተስፋ ንምቝራጽ ስርዓት ኢሳያስ ዘይፈንቀሎ እምኒ የለን። እዚ ከኣ፣ ብዘይካይ መድሕን የብልካን እሞ ስቕ ኢልካ ተገዛእ፣ ዝበልኩኻ ፈጽም፣ ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዝዓለመ ምዃኑ ንምርዳእ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ገለገለ ግሩሃት፣ ነዚ ተንኰልዚ ከይፈለጡ፣ ኣብቲ እቲ ስርዓት ዘዋድዶ መፈንጠራ ብምእታው፣ "ኢሳያስ፣ እንተኸይዱ፣ መን ኢዩሞ ክትክኦ" ዝብል ተስፋ ዘቝርጽ መግለጺታት ክህቡ ይስምዑ ኢዮም።

ስርዓት ሃይለስላሰ ይኹን ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ውን፣ ልክዕ ከምኡ ኢዮም ዝብሉን ዝገብሩን ዝነበሩ። ንሳቶም ካብ ስልጣን ዘልግሱላ ዕለት፣ ኢትዮጵያ ክትበታተን ምዃና፣ ኢዮም ከረድኡና ሓርኰትኰት ዝብሉ ዝነበሩ። ሃይለስላሰን መንግስቱን ከይዶም፣ ኢትዮጵያ

ግን ትቕጽል ኣላ። ትቕጽል ኣላ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንመጀመርያ ግዜ መራሕቱ ብድምጹ ንኽመርጽ ዕድል ረኺቡ፡ ብስልጡን ዝኾነ ኣገባብ ድማ፡ ድምጹ ሂቡ። ስዒቡ ዝመጸ፡ ቅድሚ ኮሚሽን ምርጫ ውጽኢት መረጻ ብወግዒ ምግላጹ፡ ኣነ ተዓዊተ፡ ኣነባ፡ ዝብል ውድድር ዝፈጠሮ ወጥርን ቅልውላውን እንተዘይኮይኑ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ምርጫኡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምዃኑ ብዘየወላውል ኣገባብ ገሊጽዎ ኢዩ።

ከምኡ ውን፡ ኣብ ሱዳን፡ ኮንጎ፡ ብሩንዲ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማልያ፡ ጊኒ ቢሳዎ ...ወዘተ ኮታ ኣብ ኵሉ ኲርንዓት ናይ ኣፍሪቃ፡ ናይ ሰላምን ዲሞክራስን ስኒትን ናይ ዕርቅን ኣየር ክነፍስ ጀሚሩ ኣሎ። ጊኒ ቢሳዎ፡ ብ1974 ናጽነታ ድሕሪ ምጕንጻፍ፡ ክሳዕ ሕጂ፡ ብውግእ ሕድሕድን ወተሃደራዊ ዕልዋታትን ወተሃደራዊ ምሕደራን ክትሕመስ ኢያ ጸኒሓ። ሕጂ ግን፡ ህዝቢ ጊኒ ቢሳዎ፡ ነዚ ጕደናዚ ወጊድ ኢሉ ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ከካይድ ይርከብ ኣሎ።

ካብዚ ጕዕዞዚ ተጨውያ፡ ኣብ ዞናና ኣብ ህውከትን ወጥርን ስደትን፥ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምልካዊ ስርዓትን እትነብር ዘላ ሃገር፡ ኤርትራ ጥራሕ ኢያ ክበሃል ይከኣል። እቲ ዘሕዝን ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቅድሚ 60 ዓመታት፡ ዋላ ንሓጺር ግዜ ደኣ ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ተጻረርቲ፡ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያን ናጽነት ካብ ኢትዮጵያን፥ ምምቕቓልን፥ ናይ ገዛእቲ ሓይልታት ናይ ሕድሪ መንግስትን ዝጠልቡ ሰልፍታት ተወዲቡ፤ ብዘይ ዓመጽ፡ ተኻባቢሩን ተጻዋዊሩን ዝወዳደረላ ሃገር ምንባራ ኢዩ። ኣብ ርእሲዚ፡ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ዝርከብ ህዝባ ብመላኡ፡ ኣብ ትሕቲ ናይ ሓርነት ግንባራቱ ተጠርኒፉ ብሓባር ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተቓለሰላን ዝተዋግኣላን ዝደኸመላን፤ ነንሓድሕዱ ብዕምቆት ንምፍላጥ ዝኸኣለላን ሃገር ኢያ ውን። ስለዚ፡ ኤርትራ እንታይ ኰይና ኢያ፡ ንመስርሕ ዲሞክራሲ ዘይትበቅዕ? ድሕርዚ ኵሉ ተመኲሮ፡ ህዝቢ ኤርትራ መራሕቱ ባዕሉ ክመርጽ ዘይክእለሉ እንታይ ዝዕንቅጽ ምኽንያት ኣለዎ? መንዩ ንመስርሕ ዲሞክራሲ ዝዓንቀጾ? ህዝቢ ድዩ ወይስ ስርዓት ኢሳያስ? ተቓወምቲ ውድባት ድዮም ወይስ ስርዓት ኢሳያስ? ጐረባብቲ መንግስታት ድዮም ወይስ ስርዓት ኢሳያስ?

ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ፍርቂ ክፍለ-ዘመን ኣብ ፖለቲካ ክዋሳእ ዝጸንሐ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ጽምጹ ከስምዕ ዕድል እንተዝውሃቦ፡ ብዘይጥርጥር ናብ ናይ ምርጫ ሳናዱቕ ምውሓዘን፤ ነዚ ኣብ እንግዳዓኡ ተጻዒኑ ዘሳቕዮ ዘሎ ስርዓት ደርብዩ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ምተክኦ ነይሩ። ተመኲሮ ሳንዲኒስታ ኣብ ኒካራግዋ ነዚ ሓቂዚ ኢዩ ዘረጋግጽ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ነዚ ስለዝፈልጥ ኢዩ፡ ንመስርሕ ናይ ምርጫን ንዲሞክራስን ዝጻባእ ዘሎ። እቲ ጸገም እምበኣር፡ ስርዓት ኣስመራ ደኣምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ወይ ተቓወምቲ ውድባቱ ወይ ናይ ደገ ሓይልታት ኣይኮኑን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብዚ ኣብ ዓለምና ዝግሃድ ዘሎ ጸጋታት ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ተገሪዙ ክነብር ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ዕሽነት ኢዩ። መዋእል ዲክታቶርነት ኣብቂዑ፡ መዋእል ዲሞክራሲ ዝዕንብበሉ ዘሎ መድረኽ ስለዝኾነ፤ ይንዋሕ ይሕጸር፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝነብር ህዝብና ምእንቲ ሰላምን ማዕርነትን ፍትሕን ዘካይዶ ዘሎ ቃልስታት፡ ናይ ከባቢናን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን ደገፍ ረኺቡ፡ ክዕወት ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።